# ሓበሬታ ብዛዕባ ቤት ትምህርቲ ቋንቋ ኣደ ኦስሎ

ተመሓይሹ ዝቐረበ ጽሑፍ ኢዩ። ኣብ ታሕቲ ብዛዕባ ምምስራት ቦርድ ዝምልከት ጽሑፍ ተወሲኹሉ ኣሎ።

ቤት ትምህርቲ ቋንቋ ኣደ ኦስሎ ብጽቡቕ ኩነታት የቕጽል ኣሎ። መምህራን ብልዑል ንቕሓት ይምህሩ ኣለዉ። ቤት ትምህርቲ ቋንቋ ኣደ ኦስሎ ኩሉ ሳዕ ቀዳምቀዳም ካብ ሰዓት 11፣00 ክሳብ 13፣00 ንጥፈታቱ የካይድ። ኣብ ግዜ በዓላት እቲ ትምህርቲ ይዕጾ ኢዩ።

ወለዲ በብእብሪ ከክልተ ኮይኖም ጽሬት ቤት ትምህርትን ስነስርዓት ተመሃሮን የካይዱ። ክሳብ ሕጂ ዝንኣድ ስርሓት ብወለዲ ይካየድ ኣሎ። ወለዲ ኣብ ሓደ ሰሚስቴር 50 ክሮነር ብምውጻእ ካሳ ወለዲ የኻዕበቱ። እቲ ዝዋጻእ ገንዘብ ነዚ ዝስዕብ ንጥፈታት የገልግል።

1. ቤት ትምህርቲ ቋንቋ ኣደ ኦስሎ ኣብ ቀዳማይ ሴምስተር ንግዜ ሓጋይ ይዕጾ ኢዩ። ቅድሚ ትምህርቲ ቤት ምዕጻዉ ንተማሃሮ መዕጸዊ ፌስታ የዳሉ። ንተማሃሮት ዝዕደግ ፖልሰ ካብዚ ናይ ወለዲ ካሳ ይሽፈን። ከምኡ'ውን ኣብ ካልኣይ ሰሚስቴር ንልደት ዕረፍቲ ክዕጾ ከሎ ተመሳሳሊ ፌስታ የዳሉ። ኣብዚ ግዜ'ዚ እውን ካብ ካሳ ወላዲ ወጻኢ ብምግባር ንተመሃሮ ናይ ፖልሰ መግቢ ይዳሎ።
2. ኣብ ግዜ በዓል ነጻነት ንመምህራን ዝወሃብ ዕምባባታት ካብዚ ናይ ካሳ ወለዲ ክሽፈን ኢዩ። ከምኡ'ውን ምናልባት ነቲ ቤት ትምህርቲ ንኽንግልገለሉ ዝፈቐዱልና ኖርወጃዊያን ናይ ዕምባባ ወፈያ እንተተገይሩ ካብዚ ናይ ካሳ ወለዲ ኽሽፈን ኢዩ።
3. ወለዲ ደቆም ኣብ ትምህርቲ ኣብ ዝጸንሕሉ ግዜ ኣብቲ ካንቲኒ ብምትእኽኻብ ጽቡቕ ግዜ የሕልፉ ኣለዉ። ንቡንን ሻሂን ካብ ካሳ ወለዲ ኽሽፈን ከሎ ቅጫን ሕምባሻን ግን ወለዲ በብእብሪ ከክልተ ብምኳን የምጽኡ ኣለዉ። ወለዲ ካብ ዝኾነ ተጽዕኖ ነጻ ኮይኖም ነብሶም ብዋዛን ቁምነገርን ብምዝንጋዕ ጽቡቕ ግዜ የሕልፉ ኣለዉ።
4. መምህር ራህዋ ገረሱስ ብዘቕረበቶ ሓስብ መሰረት ወለዲ ንደቆም ጥዑይ ጥራዛዉቲ ኽግዝኣሎም ኣተሓሳሲባ። ካብዚ ብምብጋስ ወለዲ ንደቆም ዝኸውን ጥራዛዊት ኣብ ልዕሊ'ቲ 50 ክሮነር ንካሳ ወለዲ ዝኸፍልዎ ዋጋ ናይቲ ጥራዝ 10 ክሮኖር ይኹን 20 ክሮኖር ክኸፈሉ እዮም።

መምህር **ኤፍሬም ዑቑባስላሴ** ከምዝሓበሮ ነፍሲ ወከፍ ወላዲ ሓደ መምህር ተመዲብሉ ብዛዕባ ውላዱ ልዝብ ኽግበር ኢዩ (Forelderesamatale) ። እዚ ልዝቢ'ዚ ነመጻኢ ዓይነትን ምዕባለ ትምህርትን ቅኑዕ መስመር ንምትሓዝ ሓጋዚ ክኸውን ኢዩ። ነዚ ኽገልግል ተባሂሉ ብወላዲት **ገነት ገብረመድህን** ዝተዳለወ ማህደራት ተመሃሮ ንማሕበር መምህራን ተወፊዩ ኣሎ።

ኣብ [www.afronorway.com](http://www.afronorway.com) ዝርኣይ ዘሎ ምዕባሌ ንንጥፈታት ቤት ትምህርቲ ቋንቋ ኣደ ኦስሎ ብዝምልከት ተዳልዩ ዘሎ ንኣብነት ከም ናይ ተራ ወለዲ ንሓለዋን ጽሬትን ቤት ትምህርቲ ከምኡ'ውን ተዳልዩ ዘሎ መዘኻኻሪ መደብ ኣብ ፓረንትስ ዎች ሊስት (Parents watch list) ብሓፈሻኡ ብተገዳስነት ዝሃንደሶን ዘዳለዎን ካብ ወለዲ ሓደ ኣባልና ዝኾነ ኣቶ **ሰለሞን ተስፋሚካኤል** ኢዩ። ናይ ዌብ ሳይት ዲዛይናት ክኢላ ኢዩ። እዚ (Parents watch list) ኣብ ኣፍሮ ኖርዎይ ዳት ኮም ዘሎ ኣገዳሲ ሓበሬታ ስለዝኾነ ወለዲ ኽከታተልዎ ይግባእ።

ኣብዚ ቐረባ እዋን ንጥፈታት ስፖርቲ ንተማሃሮ ቤት ትምህርቲ ቋንቋ ኣደ ኦስሎ ድሕሪ ምዱብ ናይ ትምህርቲ ግዜ ኽጅመር ኢዩ። ነዚ ንጥፈት ሓላፍነት ወሲዶም ዝመርሕዎ ወላዲ **ሰለሞን ተስፋሚካኤልን** ወላዲ **ኤፍሪም መስፍንን** እዮም። መደብ ስርሖም ብጽሑፍ ኣቕርቦም ኣለዉ። እዚ መደብ'ዚ ብማሕበር መምህራን ኽፍቀድ ስለዘለዎ ብጽሑፍ ኣመልክትና ኔርና። ናይ ቃል ፈቓድ ከኣ ረኺብና ኣሎና። ኮይኑ ግን ብጽሑፍ እዚ ፈቓዲ'ዚ ክወሃበና ንማሕበር መምህራን ደግምና ነመልክት።

ቤት ትምህርቲ ቋንቋ ኣደ ኦስሎ ብቦርድ ኽመሓደር ተባሂሉ ተቦግሶታት ተወሲዱ ኔሩ። ድሕሪ ብዙሕ ጻዕሪ ውሕሉል መመሓደሪ ዝኾውን ቅዋም እውን ተዳልዩ ኣሎ። ኮይኑ ግን እዚ ቦርድ ክሳብ ሕጂ ኣይተመስረተን ዘሎ። እዚ ቦርዲ'ዚ ካብ ማሕበረ ሰብ፣ ማሕበር ደቂ ኣንስቲዮ፣ ማሕበር ሞያዊያን፣ ማሕበር መንእሰያት፣ ማሕበር መምህራን ከምኡ'ውን ካብ ኮሚቴ ወለዲ ተዋጽኦም ዝቐውም ቦርድ ኢዩ። እዚ ቦርዲ'ዚ ምስ ተመስረተ ኣላይን ተሸካሚ ሓልፍነትን ናይዚ ቤት ትምህርቲ ይኸውን። ኮይኑ ግን እዚ ቦርድ'ዚ ኽምስረትን ሓላፍነቱ ኽሸከምን ኣይተኻእለን። እንታይ ኮይኑ ዘይተመስረተ? ሰለምንታይከ ሓላፍነቱ ዘይሸከም ንዝብል ሕቶ መልሱ ኣብ ኦስሎ ንርከብ ኤርትራዊያን ውልቃዊ ርሁሩህ ልብን መንፋዕትን ድኣ ኢዩ ዘሎና እምበር ተኣክብካ ምዝታይን ተኸባብርካ እህን ምሂን ምባል ኣይመባልዕትናን እየን። ብዙሕ ዋኒን ስኣን ነንሕድሕድካ ምክብባር ይቦኽረና ኣሎ። ኣብ ኦስሎ ንርከብ ኤርትራዊያን እቲ መንፈዓትናን ከምኡ'ውን ሰብ ክሓምም ከሎ ወይ ክመዉት ከሎ ነርእዮ ምድንጋጻትን ምትሕብባርን ብህይወት ከሎና እንተነተግብሮ ካብዚኦም ብድሕሬና መጺኦም ቀድሞምና ኽይዶም ዘለዉ ከማና ወጻእተኛታት ድሕሪት ኣይምተረፍናን። ሕጂ'ውን እንተኾነ ነቲ ዝሓለፈ ውሑጅ ይውሰዶ እልና ተስፋ ዝህባ ዘለዋ ማሕበራት ከም ማሕበር መምህራንን ማሕበር መንእሰያትን ብምትብባዕን ነቲ ደቂሰን ዘለዋ ማሕበራት ከኣ ብምብርባር ምስቲኦም ካልኦት ወጽእተኛታት ኽንወዳደር ንኽእል ኢና። ነዚ ንምትግባር እዚ ዝስዕብ መበገሲ ክኾነና ይኽእል ኢዩ።

1. እዚ ዝብሃል ዘሎ ቦርድ ጽፉፍ ቁዋም ተዳልዩሉ ስለዘሎ ኣብ ዝቐልጠፈ እዋን ተመስሪቱ ስርሑ ከም ዝጅምር ምግባር።
2. እቲ ቦርድ ንማሕበር መምህራን ዝተመስረተሉ መበል 25 ዓመቱ ይቀራረብ ኣሎ ይብሃል ስለ ዘሎ ነዚ ኣጋጣሚ ተጠቒሙ ንጥፈታቱ ኽጅምር ይኽእል ኢዩ። በዓል ብምድላው ጽምብል ኢዩቤልዩ ምክያድ ይከኣል ኢዩ። ካብ ወለዲ ከም ብዓል ዓንዶም ገብረስላሴ (ወዲ ቐሺ) ግዱሳት ውልቀሰባት ብተወፋይነት ሙዚቃ ክነጻዉት ንኽእል ኢና እሎም ኣለዉ። ካልእ ሓንቲ መጽሔት ንንጥፈታት እዚ ቤት ትምህርቲ ተንጸባርቕ ምድላው ይክኣል ኢዩ።
3. እቲ ቦርዲ እቲኤን ተዳኽመን ዘለዋ ማሕበራት ብኸመይ ይበራተዓ ንጥፈታቱ ብምሕያል ከበራብረን ይኽእል ኢዩ።

ሕጂ እቲ ሕቶ ብኸመይ እቲ ቦርድ ይመስረት ዝብል ኢዩ። መን ተበግሶ ይውሰድ? ማሕበረ ሰብ ይኽእልዶ? እስከ መጀመርያ ማሕበር ሰብ ተበግሶ ወሲዱ ነዚ ቦርድ ንምምስራት ይንጠፍ ንበል። ብሃንቀውታ ከኣ ንጸበ። ኣብዚ ብዛዕባ ምምስራት ቦርድ ኣሞንግና ኣብቲ ቀንዲ ዋንን ናይ ቤት ትምህርቲ ቋንቋ ኣደ ንመለስ።

ቤት ትምህርቲ ቋንቋ ኣደ ኦስሎ ሳላ ዘይሕለል ጻዕሪ ማሕበር መምህራን ኢዩ ጠጠው ኢሉ ቀጻልነቱ ኣረጋጊጹ ዘሎ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ካብቲ ኩሉ ማሕበራት ኣብ ኖርወይ ዘሎ ናይ ኤርትራዊያን እቲ ትንፋስ ዘለዎን ተስፋ ንኤርትራዊያን ኮይኑ ዘሎ ማሕበር ኢዩ። ብሕጂ'ውን ነዚ ትንፋስ ሃልይዎ ዝንቀሳቐስ ዘሎ ማሕበር መምህራን ደገፍ ንምሃብ ካብ ወለዲ ዝነኣድ ምትብባዕ ይግበረሉ ኣሎ።

ንመጻኢ ኩሉ ኤርትራዊ ኣብ ኦስሎ ዘሎ ሎሚ ወሊዱ ዘሎ ይኹን ጽባሕ ዝወልድ መንእሰይ'ውን እንተኾነ ዕቱብ ቆላሕታ ሂቡ ነዚ ማሕበር መምህራን ምትብባዕ ኽንገብረሉ ይግባእ።

እዚ ጽሑፍ'ዚ እንዳ ኣባዛሕካ ንወለዲ ይኹን ንመጻኢ'ውን ዝወልዱ መንእሰያት ምዕዳል ንባዕሉ ንማሕበር መምህራን ከም ሓገዝ ምውፋይ ይ�`ጽር።

ተጻሒፉ

ብተስፋሚካኤል ዮሃንስ

29.03.2010 ኦስሎ